# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.34 | ሓሙስ 10 ጥቅምቲ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዕውታት ሰባት፡ ንዓወት ይደልዩዋ ዶ ወይስ. . .?


ገጽ 3
ልምዓታዊ ንጥፈት ንኡስ ዞባ ዓረዛ


ገጽ 4
ኣብ ክትዕ ዝርኣዩ ልሙዳት ጌጋታት


ገጽ 5
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?



ገጽ 7
ኤርትራ ኣንጸባሪቃ



# ፕረዚደንት ሶማል፡ ወግዓዊ ምብጻሕ ንምፍጻም ኣስመራ ኣትዩ

ፕረዚደንት ፌደራላዊት ረፓብሊክ ሶማል ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ፡ ብዕድመ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ሰለስተ መዓልታት ወግዓዊ ምብጻሕ ንምፍጻም፡ ትማሊ 9 ጥቅምቲ ሰዓት 6፡00 ናይ ምሸት ኣስመራ ኣትዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንፕረዚደንት ሓሰን - ኣብ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ብናይ ክብሪ ሰልፊን ሃገራዊ መዝሙር ኤርትራን ሶማልን ዝተሰነየ ወግዓዊ ኣቀባብላ ገይሩሉ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሶማል ኣሕመድ መዓልም ፊቒ ምስ ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ሓቢሩ መጺኡ ኣሎ።

ፕረዚደንት ፌደራላዊት ረፓብሊክ ሶማል ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዘጸንሓሉ እዋን፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ምዕዛዝ ክልተኣዊ ዝምድናን ምትሕግጋዝን፡ ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዞባውን ዓለማውን ጉዳያትን ምዕባለታትን ክዘትዩ እዮም።

ኣብ'ቲ ናይ ምቕባል ስነስርዓት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተረኺቡ ነይሩ።



ስእሊ- ታእዛዝ ኣብርሃ



ስእሊ- ኣክሊሉ ዘርእዝጊ

# ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ዘራእቲ ንምዕዛብ ዑደት ኣካይዱ

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ዘራእቲ በጺሖም ዘለዉ ደረጃን ኩነታት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ንምዕዛብ፡ ኣብ ንኡስ ዞባታት ሞልቀ፡ ሻምብቆን ላዕላይ-ጋሽን ዑደት ብምክያድ፡ ሓረስቶት ክዘብርዎ ዘለዎም ምክትታል ንምንጻርን ኣብ ተጠቃምነት ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝርአ ጉድለታት ንምእራምን፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ዘትዩ።

ዕላማ ናይ'ቲ ኣመሓደርቲ'ተን ንኡሳን ዞባታት ዝተሳተፍዎ ዑደት፡ ሕጽረታት ተፈቲሹ ኣብ ፍታሕ ዘተኮረ ዘተ ንምክያድ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ጽቡቕ ደረጃ በጺሑ ዘሎ ዘራእቲ ኣብ ቆፎኡ ክሳብ ዝኣቱ ክግበር ብዛዕባ ዘለዎ ሓባራዊ ዕዮ ሓሳብ ንምልውዋጥ ከም ዝዀነ፡ ኣምባሳደር ማሕሙድ ገሊጹ።

ምውዳድ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንበይኑ ኣኻሊ ስለዘይኮነ፣ ምዕሩይ ተጠቃምነት ዜጋታት ምርግጋጽን ቀጻልነት ናይተን ትካላት ምውሓስን፡ ግድነታዊ ዕማም ምምሕዳራትን ካልኦት ኣካላት መንግስትን ከም ዝዀነ'ውን ኣዘኻኺሩ።

ኣምባሳደር ማሕሙድ ኣብ መወዳእታ፡ ምዝራእ ናይ ቅብኣት ኣዝርእትን ጥረታትን ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ከምእተመሓየሸ፣ ብፍላይ ድማ ሰምሰም ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከም ዝርከብ ብምጥቃስ፡ ሰብ ሞያ ሕርሻ ኣገዳስነት ጥረታትን ናይ ቅብኣት ኣዝርእትን ንምስራጽ ኣብርቲዖም ክሰርሑ፣ ሓረስቶት ከኣ ምክትታሎም ከዕዝዙ ኣተሓሳሲቡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ብ25ን 26ን መስከረም፡ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓትን ተሳትፎ ኮምን ዘተኮረ ርክብ ምስ ህዝቢ ንኡስ ዞባታት ሻምብቆን ላዕላይ-ጋሽን ኣካይዱ።

ምምላእ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብሓፈሻ፡ ትምህርቲ፡ ጥዕናን ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይን ድማ ብፍላይ ቀዳምነት ዝወሃቦ ስለዝዀነ፡ ህዝቢ ማሰረታዊ ኣገልግሎት ረኺቡ ርጉእ መነባብሮ ንኽመርሕ፡ ምምሕዳር ዞባ ዘለዎ ቁርጠኛ ውጥን ገሊጹ ኣሎ። ህዝቢ ዘለዎ ሕቶታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቡ፣ ብዙሕ ኣብ ሕርሻ ዝሰርሕ ከም ዝዀነ ኣረዲኡ።



ዞባ ዓ. ቁ ላ ሕ ታ

ሂቡ ደሰርሕ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ምድልዳል ናይ ሕርሻ መሬት ክቕየድ፣ ተረፍም ዘለዉ ቀረባት ክማልኡ፣ ማሳርሕ ዕደላ ነርት ክቀላጠፍን ምምሕዳራዊ ቅርጺ ብምልኣት ክትግበርን ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ዕዉታት ሰባት፡ ንዓወት ይደልዩዋ ዶ ወይስ . . .?

ኣብ ጉዕዞ ምንባር፡ ብኸመይ ብገጹር ራእይን ዕላማን እትመረሐ ህይወት ትውንን ምግንዛብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ብቐጻሊ ሓድሽ ነገር ንኽትመሃር፡ ንኽትፈልጥን ክትምዕብልን ድልው ትኸውን። መቐረት እትውንኖ ህይወት'ውን ብንውሓት ግዜ ወይ ኣብዚ ዓለም ብዘጸናሕካሉ ገደብ ዕድመ ዘይኮነ ብዘተጎናጸፍካዮን ዝረኸብካዮን ዓወት'ዩ ዝዕቀን። እቲ ሓቀኛ ትርጉም ምንባር፡ ብብዙሕ ፈተናታት ሓሊፍካ ዕውት ሰብ ምስ እትኸውን እዩ። እምብኣርከስ፡ ዓወት ብኣቋራጭ ወይ ብቐሊል መገዲ ዝርከብ ዘይኮነስ፡ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕርን ፈተነን'ዩ ዝበጽሕ። መብዛሕትኦም ዕዉታት ክኾኑ ዝሕልኑ ሰባት፡ ነቲ ጉዕዞ ምስ ፈለምዎ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ እወታዊ ምላሽ ይጽበዩ። እንተኾነ ዓወት ሓያል ጻዕሪ ትዕግስቲ፡ ተወፋይነትን መስዋእትን ብምኽፋል'ዩ ዝጭበጥ። ታሪኽ ኣብ ከበቢና ወይ ኣህጉርና ዘለዉ ሰባት ምስ እንምልከት'ውን ዓወቶም ብሓደ ለይቲ ዓኺኹ ዝሓደረ ዘይኮነ ኩሉ ጸዓቶምን ግዜኦምን ሕልሞም ንምጭባጥ ከም ዝወፈይዎ ኢና እንግንዘብ።

ንዘወጠንካዮ መደብ ይኹን ዕማም ብእወታዊ ኸሲጋስ ኣብ መፈጸምታኡ ምስ እተብጽሖ፡ ተዓዊትካ ክበሃል ይከኣል። ኣብዚ ጉዕዞ እወታዊ ምላሽ ጥራይ ዘይኮነ ውድቀት ከጋጥመካ መስርሕ ህይወት ዝጠልቦ ምዃኑ'ውን ክትርድኦ የድሊ። ዚ ብምግንዛብ፡ መጀመርያ ንሓደ ዕዮ ምስ ተበገስካ ንገጹር ዕላማን ራእይን ክህልወካ ኣሎዎ። እቲ ምንታይ፡ ብዘይ ዕላማ ምብጋስ ማለት፡ ኣብ ቀዳድ ፈስቶ ማይ ከም ምምላእ ስለዝቑጸር። የግዳስ፡ ሓደ ዕማም ንምፍጻም ወጥን ምስ ሓንጸጽካ፡ እቲ ወጥንኻ ምስ ወሽጣዊ ድሌትካን ዓቕምኻን ዝዳረግ ክኸውን ከም ዝግባእ ኣይትዘንግዖ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ዝቕጽል መድረኽ ድማ፡ ንዘወጠንካዮ መደብ ብልዑል ወሽጣዊ ድሌት ወይ ድፍኢት ንምትግባሩ ምብጋስ የድሊ። ምናልባት ዘይከም ትጽቢትካ እቲ ክትበጽሖ እትደሊ ደረጃ ብዙሕ መስዋእትን ተወፋይነትን ክሓተካ ይኽእል ይኸውን። እንተኾነ ኣብ ጉዕዞኻ ተስፋ ከይቆረጽካ፡ ኑቲ ድሕሪ ከውታ ዘሎ ብራቕ ጸሓይ እናቋመትካ ብምሉእ ሓይልኻ እንተ መሪሽ፡ ኣብ ዝደለኻዮ ክትበጽሕ ትኽእል ኢኻ።

ምስጢር ዓወት ንኽትፈልጥ፡ ድልውነትካ ወይ ድሌት ወሽጥኻ ኣብቲ ክትፍጽሞ እትሓስቦ ዘለኻ ወጥን ኣጸቢቕካ ክትፈልጥ ይግባእ። ዚ ንምግባር ድማ፡ መጀመርያ ነፍሱምዘታይ ኣካይድ። እዚ ማለት፡ ንሕሉፍን ህሉውን ምዕራፋት ህይወትካ ገምጊምካ ፈትሽ። እዚ ከኣ ንእወታውን ኣሉታውን ጉድንታት ህይወትካ ብቐሉዕ ኣጉሊሕካ ንኽትግምግም ዝሕግዝ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ከምዚ ዓይነት ነፍሱገምጋም ምኽያድ፡ ኣብ ዝቕጽል ሓድሽ ምዕራፍ ህይወትካ ብገጹር ዕላማ ንኽትጎዓዝ ይሕግዘካ። ዝረኸብካዮ ወጽኢት፡ ንእትውንኖ ትዕድልቲ ከም ህያብ ተቐቢልካ ንኽትጽዕረሉ ይሕግዘካ። ስለዚ፡ ንጉእ-ርእሰኻ ድሕሪ ምግምጋም፡ ንጸጋታትካን ብድሆታትካን ብጋሁ ኣለሊኻ ብምቕባል፡ ንእወታዊ ብልጫታትካ ክትዕቅቦ ከምኡ ድማ ንሕጽረታት ክትፍውሶ ይግባእ። ከም ወጽኢቱ ኣብ ዝወፈርካሉ ሞያ ዓወት እናተጎናጸፍካ ንምዕባለኻ ክትጽዕር ይድርኸካ። መቸም ዕወት ክኸውን ዘይብህግ ወይ ዘይሓልም የለን። ክውንነትን ጋህድን ምስናይ ዝኣየዎም ብዙሓት፡ ዓወት ንውሑዳት ጥራይ ዝተሓዝአ ትዕድልቲ ስለዝመስሎም፡ ምስጢር ዓወት ክፈልጡ ወገሉ ጽቡሕ ህርዲግ ይብሉ። እምብኣርከስ፡ ኑዮም ዕዉታት ክትከውን ምሉእ ድሌት ዘለኩም ሰባት፡ ገለ ካብ ምስጢራት ዓወት እስኪ ከዕልለኩም፦

1. ዕወት ንኽትከውን ዝወጠንካዮ መደብ ብዘይ ትህኪት ኣብ ግዜኡን እዋኑን ክትትግብሮ ይግባእ። ፋይዳ ዘይትረኽበሉን ክጠቕመካ ዘይክእልን ነገር ብኢጋኡ ምግዳፍ ኣገዳሲ ረቛሒ ምስጢር ዓወት እዩ። እቲ ምንታይ፡ ግዜኻ ኣብ ዘይጠቕመካ ዕማም ተጠኒፍካ እንተ ኼንካ፡ ዘይምለስ ክቡር ግዜኻ'ዩ ዝሰረቕ ዘሎ። ምሕደራ ዘይብሉ ህይወት፡ ሓደ ካብ ንስዕረት ዝቃልዕ ድኹም ልምዲ እዩ። እምብኣርከስ፡ ህይወት ወትሩ ብዘደንቑ ትዕድልቲታት ዝተመልአት'ያ። ስለዚ፡ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስካ ኣብ ሓደ ደረጃ ደው ከይበልካ ሓያሉ ወይ ኣደናቒቲ ነገራት ንምድህሳስ ድሕር ኣይትበል። እኳ ደኣ ንፈተነታትካ ብተዓጻጻፊ ኣሐይሎ። ፈተና ናብ ዓወት ዝወስድ ድንድል እዩ። መገዲ ዓወት ፍጹም መፈጸምታ ዘይብሉ ጉዕዞ ኣይኮነን። እኳ ደኣ እንተ ጸዓርካ ፍረ ድኻምካ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ክትሓፍስ ትኽእል። ብኡ መጠን ድማ፡ ፍረ-ጻዕርኻ እናሓፈስካ ሕጉስ ህይወት ትመርሕ።

2. ዕወት ንኽትከውን ንኣሉታዊ ዓወትን ክትዕወት ምድላይን ክልተ ዝተፈላለዩ ኣርእስቲታት እየም። ዓወት፡ ኣብ መወዳእታ ደረጃ ዝርከብ ጽቡቕን እወታዊን ወጽኢት'ዩ። ዕወት ክትከውን ምድላይ ግን፡ ንሓደ ክትበጽሖ እትደሊ ደረጃ ብእወታዊ ኣተሓሳስባ ተመሪሕካ ክትበጽሖ ምሕሳብ እዩ። ስለዚ፡ ዓወት ጭብጥ ወጽኢት ክኸውን እንከሎ፡ ዕወት ክትከውን ምድላይ ከኣ ገና ናብ ተግባር ዘይተሰጋገረ ሓሳብ እዩ። ስለዚ፡ ርድኢት ክትሰዕር ኣሎካ። ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ጉዕዞ ምንባር ዝምርሹ ዘለዉ ሰባት ክሱብ ዝኾኑ፡ ጸገም ከጋጥመካ ንቡር እዩ። ኣብ ገለ እዋን ጸገም ኣብ ርእሲ-ርእሲ ምስ ተጨራረሐ - ዘጋጥመካ ሾግር መወዳእታ ዘይብሉ ኮይኑ ክስመዓካ ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ፈታኒ እዋን ኣብ ቅኑዕ ዲኻ ወይስ ኣብ ጌጋ መገዲ ኢኻ ዘለኻ ክተስተውዕል ይግባእ። ስለዚ፡ ኣየናይ መእዘን ደው ኢልካ ከም ዘለኻ ምስ ኣለለኻ፡ ዘጋጥመካ ሾግር ሓሊፉ ምዃኑ ኣሚንካ፡ ብእወታዊ ኣተሓሳስባ መጻኢ ጉዕዞኻ ክተጣጥሕ ይግባእ።

3. ዕወት ንኽትከውን ብናይ ካልኦት ዓወት ንጉእ-ርእሰኻ ኣይትግለጽ። ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ኣብ ኣእምሮኻ እንተ ሰፊሩን ዓኹኹን ኣንፈት ናይ ሸቶኻ ብምስሓት ንስዕረት፡ ቅንኢን ነፍሱምትሓትን እናሰዓበካ ናብ ኣንጻር ኣንፈት ሸቶኻ ይመርሓካ። ኣብ ኩሉ ምንቅስቓሳትካ ምስ ኣሕዋትካ፡ መሓዙትካ፡ መሳርሕቲኻን ካልኦትን ክትወዳደር ኣገዳሲ እዩ። እኳ እንተኾነ እቲ ውድድር ናብ ዘይንብር ኣንፈት ምስ ዝምርሖ መንነትካ ኣዘንጊዑ ብሓሳብ ካልኦት ሰባት ከም እትቃኖ ዝገብረካ። ስለዚ፡ እቲ ዝበለጸ ውድድር ምስ ንጉእ-ርእሰኻ እተካይዶ ቅድድም ስለዝኾነ፡ "ትማሊ ዝሓንጸጽክዎ ሎሚ ፈጺመዮ"፡ "ትማሊ ኣበይ ነይረ፡ ሎሚኸ ኣበይ በጺሐ" ዝብሉ ሕቶታት ንጉእ-ርእሰኻ ብምውካስ፡ ንሕሉፍን ህልውን ኩነታትካ ተወከስ። እዚ ስለዝኾነ፡ ወትሩ ውድድርካ ምስ ባዕልኻ ይኹን።

4. ዕወት ንኽትከውን ብዘይ ሕብእብእ ንውድቀትካ ተቐበል። ውድቀት ኩሉ ግዜ ኑቲ እትጥቀመሉ ወይ እትኽተሎ ዘለኻ ኣገባብ ንኽትለልዮን ንኽትቅይሮን'ዩ ዝሕብረካ። ውድቀት መርኣያ ሕፍረት ወይ ድኽመት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ንጉእ-ነፍሰኻ እትፍትሸሉ፡ ክእለትካ እተንጸባርቐሉ፡ ከምኡ ድማ ጸገማትካ ኣብራሁ ዘርኢዩ ኩነት እዩ። ንውድቀትካ ምእማን ኣብ ገለ እዋን ኑዮም ዘይሰገሩ ዝመሰሉ ጸገማት ንኽትገጥሞም የኽእለካ እዩ። ምልስ ኢልካ ንዘበረ ጸገማት ንኽተለልን ኣዚኻ ንኽትብርትዕን ይሕግዘካ። ወትሩ ዓወት ወጽኢት ክብር ዋጋ እዩ። እቶም ዝረኸብዎ ማለት እቶም ዕዉታት ሰባት ድማ፡ ከም ወጽኢት ናይቲ ዝኸፈልዎ ዋጋ ጻዕርን ሓርኮትኮትን ኣብ ዓለም እቶም ብዙሕ ዛንታታት ሓቚፎም ዘለዉ። ስለዝኾኑ፡ ህይወትካ ኣብ መድረኽ'ዞም ዕዉታት ሰባት ንኽትሰርዑ ዋጋ እናኸፈልካ ንዓወት ድሊዩ፣ ንሳ ደማ ክትረኽቦ እዩ። ኣብ ጻዕርን ፈተነን እንተሃሊኻ፡ ማዕረ-ማዕረኡ ውድቀት ከጋጥም ንቡር ካብ ኩሉ ይንዋሕ ይሕጸር ናብቲ እትደልዮ ደረጃ ዕብየት ከም እትበጽሕ ክትጠራጠር የብልካን።

5. ዕወት ንኽትከውን ቀጻልነትካ ንምውሓስ ኣሐይልካ ክትሰርሕ ኣሎካ። ንሓደ ክትበጽሖ ዝደለኻዮ ሸቶ ብሓደ ስጉምቲ ምስ ጀመርካዮ፡ ምሉእ ኣተኩሮ ሂብካ ክትሰርሓሉ ይግባእ። ንሓደ ዕማም ንምትግባር ብመደብ ስለዝተበገስካ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ሓንቲ ቤት-ቁርሲ ንኽትከፍት ካብ ሓደ ትካል ገንዘብ ተለቂሕካ ትብገስ። ብመሰረት ዘወጠንካዮ መደብ፡ ቤት-ቁርሲ ብምኽፋት ዘድሊ ቀረብት ኣዋዲድካ - እንተላይ ሰራሕተኛታት ቈጺርካ ኣገልግሎት ክትህብ ጀሚርካ ንበል። ኣብ'ተን ቀዳሞት ኣዋርሕ፡ ቅድሚ ሰራሕተኛታትካ ኑቲ ትካል ትኸፍቶ፡ መሬት ምስ ዓረበ ድማ ድሕሪ ኩሎም ሰራሕተኛታትካ ናብ ቤትካ ተምርሕ ነይርካ። የግዳስ እቲ ኣካይዳ ክገጽ ውሑዳት ኣዋርሕ ክቕጽል ኣይከኣለን። ብኣንጻሩ፡ መሬት ምስ ረፈደ ናብ ስራሕካ ተምርሕ'ሞ፡ ሰራሕተኛታትካ ድማ ገዛ ዘርሕወሎም ስለዘሰእኑ ኣብ ጉደና ዘወን ክብሉ ይጸንሑኻ። ኣብ መንጎ ሰዓታት ስራሕ ምኽንያት እናኣምጻእካ ካብ ትካልካ ክትከውብልል ትጀምር። እዚ ከይኣኽለካ፡ ኣብ ትካልካ ሕጽረት ቀረብ ብምምጽኡ፡ ሰራሕተኛታትካ ጠለብት ዓማዊል ክማልኡ ይጸገሙ። ንዘቐረብሎም ጠለብ ዓማዊል ድማ "ኣይፋል፡ የብልናን" ክብሉ ይሰምዑ። በዚ ምኽንያት፡ ዓማዊል እናኣንጸርጸሩ ካብቲ ትካል ክወጹ ክረኣዩ ይጅምሩ። ድሕሪ ሓጺር እዋን ከኣ፡ ዓማዊል ጥራይ ዘይኮኑ፡ እንተላይ ሰራሕተኛታትካ ጠንጢኖምኻ ናብ ካልእ የምርሑ። ከም ወጽኢት ናይቲ ግጉይ ኣካይዳ ድማ፡ ገንዘባዊ ክሳራ የጋጥመካ። ብእኡ ምኽንያት'ውን ነቲ ዝተለቃሕካዮ ገንዘብ ንኽትመልስ ብዙሕ ወረድ ደይብ የጋጥመካ። ስለዚ፡ ዘይከም'ቲ ዝፈለምካዮ ናብ ስራሕ መታን ከይተምርሕ፡ ቀጻልነት ናይቲ ዝጀመርካዮ ዕማም ንምውሓስ ድልው ክትከውን ይግባእ።





## ጠንቅታት ውድቀት

እዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ነጥብታት ገለ ካብ ጠንቅታት ውድቀት ኮይኖም፡ ብዕቱብ ንተዓዘቦም። ንህይወትና በዚኣቶም መዚንና ድማ፡ ነቲ ከመሓይሽ ዝግብኣና ነመሓይሾ፦

* ኣብ ህይወት ንዘጋጥሙኻ ነገራት ብቐሊል ዝበለ መገዲ ዘይምቕባል
* ንዘይትፈልጦ ነገር ክትፈልጥ ዘይምጽዓር
* በቲ እትረኽቦ ዓወት ዘይምዕጋብ
* ንሓደ ዕዮ ንምጅማር ፈራሕ ምዃን
* ንዘተዋህበካ ግብረ-መልሲ ብእወታዊ መገዲ ዘይምቕባል
* ምስ መሳርሕትኻ ወይ ቀረብትኻ ጽቡቕ ርክብ ዘይምህላው
* ኣብ ቅድሚ እኩብ ሰብ ምፍራሕ ወይ ምሕፋር
* ኣብ ህይወትካ ንዘጋጥሙኻ ፍጻመታት ሓላፍነት ዘይምውሳድ


### ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ልምዓታዊ ንጥፈት ንኡስ ዞባ ዓረዛ

ስእሊ፦ ኣብርሃም በየነ

*ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ከኒታት ሕርሻን ምስኡ ተዛማዲ ዝርአ ከኒታት ጥዕና፣ ትምህርቲን ካልእ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ንኡስ ዞባ ዓረዛ ዝዳህሰሰ ዑደት ኣካዪድና ነይርና። ነዚ ዝምልከት ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ርእሶም ክፍለማርያም ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ጸምቢቕ ኣቢልና ነቕርበልኩም - ሰናይ ንባብ፦*

***

ብ22 ምምሕዳር ከባቢን 106 ዓዲታትን ዝቖመን ኣስታት 82,177 ህዝቢ ዝነብሮን ንኡስ ዞባ ዓረዛ፡ ብምብራቕ ምስ ንኡስ ዞባ መንደፈራን እምኒ ሓይሊን፡ ብምዕራብ ምስ ዞባ ጋሽ ባርካ - ንኡስ ዞባ ሞልቂ፡ ብሰሜን ምስ ንኡስ ዞባ ደባርዋ፣ ብደቡብ ድማ ምስ ንኡስ ዞባ ማይምን ይዳወብ። ከተማ ማይድማን ማእከል ምምሕዳር'ቲ ንኡስ ዞባ ዝኾነት ዓረዛን ዝበዝሐ ህዝቢ ዝነብረን እየን። ንኡስ ዞባ ዓረዛ ብዛዕባ ትግርኛ፡ ትግረን ሳሆን ይነብርዎ። መብዛሕቲ ህዝቢ'ዚ ንኡስ ዞባ ዝዓበየ ክፋሉ ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝተረኸበ ኣብ ንግዲ ዝተመርከሰ እዩ።

ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ መሬት ንኡስ ዞባ ዓረዛ ወይኑደጋውን ቆላን እዩ። እቲ ቆላዊ ክፋሉ በዝዕባይኑቶም መብቆላውያን ኣግራብን ቁጥቋጣትን ከቦሳን ቆላን ዝተሸፈነ እዩ። ካብዚኦም ኣብ ዝተፈላለየ ወቕቲ ናይ ዓመት ንመግቢ ሰብን እንስሳን ዘገልግሉ ፍረ ዝህቡ ኣግራብ ፍሩመሮር፡ ጾዕ፡ ጋባ፡ መሰበ፡ ቀቦ፡ ሓበ...ወዘተ ይርከብዎም። ብዘይካ'ዚ፡ ሰፊሕ ስለ ዝሕረስ መሬት ዘለዎ ዐብል ኣካል እዚ ንኡስ ዞባ እዩ። ብዘይካ'ዚ ብጼጋ ሐዳን እምኒን ሃብታም ንኡስ ዞባ እዩ።

## ማሕበራዊ ኣገልግሎት

ጉዳይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ከም ኣብ ኩሉ ከባቢታት'ዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ኣገልግሎት ማይ፡ ነቦርቲ ዝበዝሓ ዓዲታት፡ ኣብ ማይ ደሓን ኣቕርቦት ኣለዎም። ምንጪ ማይ ሰብን ጥሪትን ከኣ፡ ድሪል፡ ደገፍ ብሶላር ካብ ዝሰርሓ ዒላታት፡ ካብ ዒላታት፡ ወሓዝት ዓዲታት ከኣ ካብ ዛራን ሓጸቢታትን ይጥቀሙ። ኣብ ሚያዝያን ግንቦትን ግን፡ ኣብ ከም ብዓል ዝጠን ደብሪን ብሁትናን ዝኣመሰለ ዓዲታት ገለ ካብተን ኣብዘን ዝተጠቕሳ ኣዋርሕ ዋሕዲ ማይ ዘጋጥመን'ዩ። ነዚ ንምፍታሕ፡ ወጽኢቱ ብሕጂ ዝርአ ብዞባ ደረጃ መጽናዕቲ ተገይሩሉ ኣሎ። እዚ ምስ ተፈትሐ፡ ሰሪ ጸሩይ ማይ ዘይምርካብ ዝስዕቡ ዝበዙ ከም ወጽኣት፡ ጃርዲያ... ዝኣመሰሉ ሕማማት፡ ደሓን ኩሉ ዝዝልሉ ሰዓት ክኣከል ትጸበት ይግበር።

ኣብ መዳይ መጎዓዝያ እንተ መጺእና፡ ጽርግያ ማይድማ - ዐብለ፣ ዓረዛ - ዝጠን ደብሪ፣ ዓረዛ - ደጉመመት፣ ዓረዛ - ዓዲ ጉልቲ ዘራኽብ መስመራት ኣለዉ። እዚኣቶም፡ ብፍላይ ኣብ ግዜ ክረምቲ ብሰንኪ ጭቃን ካልእን ግቡእ ኣገልግሎት ይህቡ ክበሃል ኣይከኣልን።

እታ ዝሓሸት ዝነበረት ጋሹብርኻን ደቡብን እተራኽብ ንብዙሕ ህዝቢ ዓዲታት እቲ ንኡስ ዞባ እተገልግል ስትራተጂያዊት ጽርግያ መንደፈራ - ባረንቱ እያ። እዛ ጽርግያ እዚኣ፡ ዕዙዝ ኣገልግሎት ትህብ'ኳ እንተኾነት፡ ኣብ እዋን ክረምቲ ግን ጸገም ኣሎ። ብሰንኪ ጭቃ፡ ሓረት ማይድማ ከይበጽሐት ካብ ዓረዛ ክትምለስ እትግደደሉ ግዜ ኣሎ። ማይ ምስ ነፈሰ ከኣ ነቲ ጽርግያ ጸጊንካ ኣገልግሎቱ ከም ዝቕጽል ይግበር። ኣብ መጎዓዝያ ዝጋጥም ዘሎ ጸገምን ሕጽረትን ንምፍታሕ ከኣ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ዝርርብ ይካየድ'ዩ። ካልእ ናብዚ ዝተጠቕሰ



መስመር ዝምደባ ኣውቶቡስ እኹላት ስለዘይኮና፡ ኩባንያ ሓረት ኣቓልቦ ክንብረሉ ትጸበት ይግበር።

### ቀረብ ጸዓት

ከም ዝፍለጥ፡ መሰረት ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ዝረጋገጽ ሕቶ ጸዓት ምስ ዝምለስ'ዩ። ንኡስ ዞባ ዓረዛ ድማ፡ ኣብ ኣቕርቦት ኤለክትሪክ፡ መንግስቲ ብዘበርሉ ቆላሕታ፡ ቀረብ ጸዓት ካብ ዝረሃዎ ከባቢታት ሃገርና ሓደ እዩ። ኣብ ዓረዛን ማይድማን ብዘተደኩት ክልተ መመንጨዊ ነቑጣ ከኣ 42 ዓዲታት እቲ ንኡስ ዞባ ብመገዲ'ቲ ኣብ 2019 ግቡእ ኣገልግሎት ዝጀመረ ጸሓያዊ ጸዓት፡ ተጠቀምቲ ኤለክትሪክሲቲ ካብ ዝኾና ነዊሕ ኩይኑ ኣሎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ ካብ ነቑጣ መመንጨዊ ጸዓት ካብ 18 ክሳብ 24 ኪሎ ሜትር ርሒቐን ዝተደኮና ዓዲታት'ቲ ንኡስ ዞባ ከይተረፈ፡ ን24 ሰዓት ኣገልግሎት ኤለክትሪክሲቲ ክረኽባ በቒዐን ዘለዋ'የን። እተን ዝዓበየ ሓይሊ ኤለክትሪክ ዝጠልባ ትካላት ጠሕኖ፡ ፎርኖ፡ ትካላት ወጽኢት ሓጺንን ዕንጸይቲን እቲ ንኡስ ዞባውን፡ ብዘይ ምቁራጽ ን24 ሰዓት ክሰርሓን ከፍርያን ጸገም የብለንን። ስለዚ፡ ነበርቲ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ተጠቀምቲ ናይ 24 ሰዓታት መብራህቲ ምዃኖም፡ ምስጋንኦም ልዑል'ዩ። ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ተጠቃሚት ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ካብ ምዃን ዝኸፈረት ምምሕዳር ከባቢ የላን። ኩሉ ነባሪ ናይ'ዚ ንኡስ ዞባ ብቐጻ ኣገልግሎት ቴሌፎን ረኺቡ ስለ ዘሎ፡ ስሉጥ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክካየድ ክኢሉ ኣሎ።

ምጥርናፍ ዓዲታት፡ ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ ሓደ ካብ ዓበይቲ መደባት መንግስቲ ኮይኑ ዝቕጽል ዘሎ እዩ። ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ሃገርና'ውን ብዓወት ክሰላሰል ክኢሉ ኣሎ። ይኹን'ምበር፡ መደብ ምጥርናፍ ዓድታት፡ ሓያል ጻዕርን ባጀትን ዝጠልብ ወፍሪ ምዃኑ ኣይስሓትን። ቅድሚ ዝኣገረ መሰረታዊ ምውዳድ ማሕበራዊ ኣገልግሎት የድለ። ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ድማ፡ ተርእዮ ምጥርናፍ ዓዲታት ክሳብ ክንድ'ቲ ኣሻቓልን ከቢድ ማሕበራዊ ተጽዕኖ ዝፈጥርን'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ መስርሕ ምጥርናፍ ዘድልየን ዓዲታት ግን ከም ዝተደለን ይግበር'ዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ከም ብዓል ደርህላሰ ዝበሃላ ኣብ በሪኽ ቦታ ዝተደኮና ዓዲታት፡ መስርሕ ምጥርናፍ ዓድታት ኣቐዲሙ ተሰሪሐሉ'ዩ።

### ምዕቃብ ማይን ሓመድን

ንኡስ ዞባ ዓረዛ ዝሰፍሐ መሬቱ ኣኾታትን ስንጭሮን ዝዓብለሎ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ከባቢ ልምዓት ክተካይድ ቀሊል ስራሕ ኣይኮነን። እቲ እተካየዶ ወፍሪ ከኣ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምግራብን ክኸውን ዝበለጸ እዩ። በቲ ሓመድን ማይን ትዕቅብ፡ በቲ ከኣ ዕርቃኑ ዝወጸኣ መሬት ትግርብ። ህዝቢ ንኡስ ዓረዛ ካብዚ ብምብጋስ ካብ ቀንዲ ዕማማቱ ገይሩ ዝሰርሓሉ ዘሎ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን እዩ። ንኣብነት፡ ሎሚ ዓመት፡ ብመገዲ ስራሕ ንመግቢ፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣስታት 1.45 ሚልዮን ጉልበት ሰብ ዝተሳተፎ፡ ኽሹዱሽት ወርሒ ዝቐጸለ ናይ ከትሪ ዛላ፡ ምምድማድ መሬት ሕርሻ፡ ምግራብ ...ወዘተ ማእቶታዊ ንጥፈታት ተኻዪዱ'ዩ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ቅናታዊ ዛላ - 2,490 ሄክታር፣ ኣብ ከትሪ መሬት ሕርሻ - 2,184 ሄክታር፣ ኣብ ምምድማድ መሬት ሕርሻ 82.5 ሄክታር፣ ኣብ ቅናታዊ ዛላ ማይ ኮዖ - 181,356 ሄክታር፣ ኣብ ከትሪ ማይ ኮዖ - 1,141 ሄክታር፣ ኣብ ምጽጋን ቅናታዊ ዛላ ማይ ኮዖ - 6,682 ሄክታር፣ ኣብ ምጽጋን ከትሪ ማይ ኮዖ - 4 ሄክታር ከምእተሰርሐ፡ ወጽኢቱ ድማ ኣድማዒ ምንባሩ ይግምገም።

### ከኒታት ሕዛእቲ

ከኒታት ሕዛእቲ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ብኽልተ ኣገባብ ዝመሓደር እዩ። ሕሩም ሕዛእቲን ሕዛእቲ ብዕራይን ተባዚሎም ድማ ይጥቀሱ። ሕሩም ሕዛእቲ፡ ኣብ ኩለን ዓዲታት እቲ ንኡስ ዘሎ፡ ህዝቢ ብጥንቃቐን ተገዳስነትን ዝሕልዎ፡ እንስሳ ኩሉ ሰብ ዘይኣትዎ ዝተሓረመ ወይ ፍጹም ዝተኸልከለ ቦታ'ዩ። ኣብ ሕዛእቲ ብዕራይ'ውን ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ናታ ኣለዋ። እዚ ከኣ እቲ ቦታ ተሓዚኡ ይኸርም እሞ፡ ኣብ ግዜ ሓጋይ ብዕራይ ጥራይ ዝኣትዎ'ዩ። መረዳእታ ህዝቢ ኣብ ሕዛእቲ ልዑል እዩ። ጥንቁቐን ውሕሉልን ኣገባብ ተጠቒሙ ድማ ሕዛእቲ ንሱ ዝሓቖፎም ጺጋታትን ይናብን ይኣናሽንን። ከም ወጽኢቱ





ኣቶ ርእሶም ክፍለማርያም

መብቆላውያን ኣግራብ ደሰሰ፡ ጠፊኦም ዝበሉ ከም ኑብራ ዝበኣ፡ ወኻርያ፡ ጠሉ በዓ፡ ዛግራ፡ ቆጽሒ...ወዘተ እንስሳታት ዘጉዶም ድማ ይምለሱ ኣለዉ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ከም እንዳ ኣቡኑ የናስ፡ ደብረ-መንቆርዮስ ዝኣመሰሉ ታሪኻውያን ገዳማት ኣለዉ። ብዘይካ'ዚ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ቅድሚን ድሕሪን ናጽነት፡ መኸተን ጅግንነትን ዝተፈጸመሎም ታሪኻውያን ከባቢታት ብዙሓት'ዮም።

ሕብረተሰብ ናብ'ቲ ዝድለ ምዕባለን ዕብየትን ክድይብ እንተኾይኑ፡ ክሰርሕ እዩ ዘለዎ። ህዝቢ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ድማ ኩሉ ብመገዲ ስራሕ ከም ዝረጋገጽ ኣሚኑ'ዩ፡ ኣብ'ቲ መንግስቲ በብእዋኑ ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት፡ እጃሙ ኣብ ምብርካት ተጸሚዱ ዝርከብ። ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣቶ ርእሶም ክፍለማርያም፡ ኣብ መወዳእታ ዘሕለፎ መልእኽቲ'ውን ነዚ ዝተጠቕሰ ሓሳብ ዝድርዕ እዩ። ህዝቢ ኑቶም ክዕመሙ ተታሒዞም ዘለዉ መደባት ልምዓት ንምዕዋት፡ መንፈሱ ኣሐዲሱ፡ ተሳቲፎኡ ክዕብን ክሰፍሕን ተላቢዩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ቆላሕታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ተክኢንሳይት |
| 14:45 | ፓኖራማ |
| 15:30 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:15 | ፈዮረና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፊ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ማስተኻር |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ጾባቒ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሰትነም |

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ኣብ ክትዕ ዝርኣዩ ልሙዳት ጌጋታት

ማይ ብወርቂ ቡምባ ይቀዳሕ፡ ብሓጺን ቡምባ ይቀዳሕ እቲ ጉድጓዱ እንተ ዘይተቐይሩ ዝፈጥሮ ለውጢ የለን። ምኽንያቱ፡ ጣዕሚ ማይ ኣብ ምንጩ እምበር ኣብ መተሓላለፊኡ (ሳሕቲ ዝፍጠር ገዲፍና) ስለ ዘይኮነ። እቲ ጉድጓድ (ዓይኒ ማይ) እንተ ተበኪሉ፡ እቲ ማይ ብዝመጽአ ይምጻእ ብኸሉ ምኽኑ ኣይተርፎን'ዩ። ናትና ናይ ሰባት ዓይኒ ማይ ድማ ኣእምሮና'ዩ። ኣብ ኣእምሮና ናይ ንጽህና መስርሕ እንተ ዘይኣካይድና፡ ሓሳብና ብጽሑፍ ንግለጾ፡ ብኣካላዊ ምልክታት ንሓብር፡ ቃላት ፈጢርና ዝርርብ ነካይድ፡ እቲ መልእኽቱ ሓደ'ዩ፣ ነቲ ኣእምሮና ዘለዎ ኲነት ዝገልጽ መልእኽቲ።

ብዙሕ እዋን ደቂ ሰባት ጥራሕና ኢና ተፈጢርና ንብል። ግን ልዕሊ ኹሉ ዝበልጽ ተዋሂብና፣ ንዕራቕትና ክዳን ክንሰርሓሉ ዘኽእል ኣእምሮ። እንስሳታት ካብ ዕራቖት ናብ ክዳን ክሰጋገር ዘኽእል ኣእምሮ ስለ ዘይተዓደሉ፡ ነቲ ጉድለቶም ተፈጥሮ ባዕሉ ዛዚሙ ሂብዎም፣ ከከም ዝነብርሉ ኣካባቢ ዝሰማማዕ ቀርበት። ቀርበቶም ምስ ዝእለ ህይወቶም የብቅዕ። በዚ ምትእስሳር ምስ እንጥምቶ፡ ሰብ ሞይቱ ዝብሃል እቲ ኲሉ ዘካውነሉ ኣእምሮኡ (ኣተሓሳስብኡ) ምስ ዝመውት'ዩ። ኣብዚ ክበርህ ዘለዎ፡ ሰብ ምስ ፍልጠቱ ዘይኩነ ምስ መፍለጢኡ (ናይ ምፍላጥ ዓቕሚ ዝፈጥረሉ) እዩ ዝፍጠር። ስለዚ እቲ ዓይኒ ማይ ፍልጠት ዝኾነ ኣእምሮና ቀጻሊ ለውጥን ምምሕያሽን ክገብር መግቢ የድልዮ። ናይ ኣተሓሳስባ መግቢ።



ነዚ ናይ ኣተሓሳስባ መግቢ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክንረኽቦ ንኽእል። ሓደ ካብዚ ናይ ምምጋብ መስርሕ ድማ ክትዕ'ዩ። እዚ እንክሎ እቲ ሓቂ መብዛሕትና ክትዕ ትብል ቃል ክንሰምዕ ከለና ኣብ ኣእምሮና ኣሉታዊ ምስሊ'ዩ ዝፍጠር። እቲ ሓሳባት ናብ ክትዕ ምስ ዝዓርጉ ዝፈጥረልና ነድሪ ኣካላትን ዝወረና ረሃጽን ንኽትዕ ብኣፍራሒ ምስሊ ኢና ንምልከቶ። ክትዕ ኣብ መንጎ ክልተ ወይ ልዕሊኡ ናይ ኣተሓሳስባ ፍልልያት ክፍጠር ይኽእል። ሓደ ሓደ እዋን'ውን ኣብ ሓደ ዓይነት ኣተሓሳስባ እንክለና፡ በቲ እንጥቀመሉ ቃላት ናይ ኣረዳድኣ ፍልልይ ብምፍጣር ናብ ክትዕ ክንኣቱ ንኽእል። በቲ እንገበሮ ዝርርብ ኣእምሮና ከም ዝሰርሕን ናይ ሓሳብ ልምምድን ንኽገብር ስለ ዘኽእሎ ክትዕ ክንፍጽሞ ዘለና'ዩ። ክትዕ ንእወታዊ ለውጢ ዝፈጥር መሳርሒ ጌርና ኢና ክንርድኦ ዘለና። እዚ ግን በቲ ቅኑዕ መስርሕ ምስ ዝኸውን'ዩ። ክንጽረልና ዘለዎ፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ክትዕ መወዳእታ መፍትሒ ግድን ሓንቲ 'መልሲ' ጥራይ ክንረክብ ኣለና ክንብል የብልናን። መስርሕ ክትዕና ናብ ሃናጽን ናብ መፍትሒ ከይቀርብን ዝዕንቅጻና ነገር ኣሎ፣ ስሚዒት።

ስምዒትና ሓደ ሓደ እዋን ጸላኢና ክኸውን ይኽእል'ዩ። ሰባት ዝህቡና ቃላት ብኣሸሙር ብምርዳእ ኣሉታዊ ስምዒት ከም ዝዓስለና ይገብር። እዞም ትሕት ኢሎም ዝዝርዘሩ ነጥብታት ኣብ ክትዕ ዝርኣዩ ልሙዳት ጌጋታት እዮም፤

1. ነቐፌታ

ኣብ ሓደ ኲነታት ወይ ፍጻመ ናይ ኣተሓሳስባ ወይ ናይ ኣረዳድኣ ፍልልይ ምስ ዝፍጠር፡ ኣብ ክንዲ ብስሩዕን እወታውን ግብረ-መልሲ ንህበሉ ናብ ነቐፌታ ወይ ምምራር ኢና ንኣቱ። ኣብ መንጎ ነቐፌታን መረረን (ጥርዓን) ድማ ፍልልይ ኣሎ። መረረ ንሓደ ፍጻመ ወይ ኲነታት ኣሉታዊ ደሃይ ክንጥቀም'ዩ ዘፍቅድ። ነቐፌታ ግን ቀጥታዊ መጥቃዕቲ ሰብእነት ኣብ ልዕሊ ሓደ ሰብ ማለት'ዩ። ንኣብነት፡ "ቀዳም ምሸት ብሓንሰብ ከተማ ንውጻእ። ኣብ ገዛ ኣዝዩ ዝሰልችወኒ፡" እዚ ንሓደ ኲውንነት ዝውሃቦ መረረ'ዩ። "ንስኻ ሓደ ኣሰልቻዊ ሰብ ኢኻ። ተለብዂን ክትርእይ ክተምሲ ስለ ዝኾንካ ቀዳም ከተማ ኣይንወጽእን ኢና፡" እዚ ድማ ነቐፌታ'ዩ። ንሓደ ሰብ ከምዚ ዝኣመሰለ ነቐፌታ ምስ እንውርውረሉ እቲ ዝህበና መልሲ ርዱእ'ዩ። ቊጥዐን ነብሰ-ምክልኻልን።

2. ምክልኻል

ተኸላኻሊ ሰብ፡ ንዝተፈጥሩ ጸገማት ኣፍልጦ ኣይህቦን'ዩ። ኣብዚ ድማ እቲ ሃናጺ ክኸውን ዝተሓሰበ ክትዕ ከይተጀመረ ይተርፍ። "ኣነ ኣይተጋገኹን፡" "ኣነ ኣይበልኩን፡" ነብሰ-ምክልኻል ዝገብር ሰብ ዝጥቀመሎም ቃላት እዮም። ንተግባራቱ ሓላፍነት ክወስደሎም ኣይመርጽን'ዩ። ወገንነት ሒዙ'ዩ ክትዕ ዝጸምድ።

3. ናይ ቃልሲ ኣእምሮ

ክትዕ ኣብ ፍታሕ ክነምጽእ እንገብሮ ዝርርብ'ዩ። ናይ ቃልሲ ኣእምሮ ግን ብሰዓርን ተሰዓርን እዩ ዝሓስቦ። ኣብ ዝፍጠር ክትዕ ድማ ኣብ ክንዲ መልሲ ናብ ነብሰ-ምንጽብራቕን ናይ ተዓወትኩ መንፈስን እዩ ዘድህብ።

4. ግምት

ናይ ዝዛረበካ ዘሎ ሰብ መልሲ ወይ ርእይቶ ምሳኻ ብቐጥታ ምትእስሳር ማለት'ዩ። ኣብ ክንዲ እንታይ እዩ ሓሳቡ፡ "ንዓይ እዩ'ዩ፡" ዝብል ባዕላዊ ግምት ምፍጣር።

5. ምንሻው

ልዕልና ሒዝካ ንምውጻእ ኣብ ልዕሊ መተዓልልትና ኣዋረድቲ ወይ ኣናሸውቲ ቃላት ምድርባይ።

6. ምዕጋት

ካብ ናትካ ንዝተፈለየ ሓሳባት ኣረዳድኣ ኣብ ክንዲ ምምልካት ዕጽው ዕጽው ምባል።

እዚኦምን ካልኦትን ልሙዳት ኣብ ክትዕ ዝርኣዩ ጌጋታት እዮም። እቲ ኣብ ክትዕ ክልመድ ዘለዎ ምድምማጽ እዩ። ኲላትካ እናተዛረብካ ዝስማዕ ወይ ዝፍጠር ቁምነገር የለን። ሰማዒ እንተ ዘየለ ግን ተዛራቢ እዩ ዝበዝሕ። በዚ ኸኣ እቲ ካብ ክትዕ ክርከብ ዝግብኦ መግቢ ኣተሓሳስባ ይበኩር።

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)

ሓ/ጉ/እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ

## ትዕዝብቲ

# ቋንቋ ሓሳባት

ኢንጂ. ቢንያም መርሃዊ

ትግርኛ ንኽዛረብ ብቛንቋ ትግርኛ ድዩ ክሓስብ ዘለኒ? እንግሊዘኛ ክዛረብከ ነቲ ዝዛረቦ በየናይ ቋንቋ እንተ ሓሰብኩዎ ይሕሽኒ? ንሓሳባትከ ቋንቋ የድልዮ ድዩ?

ኣብ ገለ ኣጋጣሚ ሓደ ዋዛ ክንገር ከሎ ገሊኡ ሰብ ብሰሓቕ ፍሕስ ክብል ከሎ፡ ገሊኡ ከኣ ከምዛ ዘይሰምዐ ሕትም ይብል። "እዚ ከመይ ኢሉ ኮነ?" ክንብል ግድን እዩ። እቲ ዝንገር ዘሎ ዋዛ፡ ካበይ ዝተበገሰ እዩ? ነየናይ ሕብረተሰብ ማእከል ዝገበረ እዩ? ካብ ኣየናይ ፍጻሜታት? ኢልካ ምሕታት የገድስ እዩ። ናይ ወጻኢ ሃገራት ናይ መድረኽ ተዋዘይቲ፡ በቲ ናታቶም ቋንቋ ከዕልሉ ከለዉ ንሰምዕ ንኸውን ኢና። እዚ ዋዛ እዚ ነቲ ኣብቲ ኣዳራሽ ዘሎ ህዝቢ ሆጭ ኣቢሉ ከስሕቖ ይኽእል እዩ። ኣብ ካልእ ሕብረተሰብ ንዘሎ ሰብ ግን፡ እዚ ዋዛ ጋሻ ሓሳብ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ዝኾነሉ ከኣ እቲ ጋሻ ዝኸውን ዘሎ ሰብ፡ ናይቲ ዋዛ መሰረት ወይ ኣንፈት የብሉን ማለት'ዩ። ኣብቲ ሕብረተሰብ ዘውቱር ዝኾነ እሞ፡ ግን ከኣ ኣብ ውሱን ቦታ ዘሎ ክሳብ ዝኾነ፡ ንኹሉ ከስሕቕ ኣይክእልን። ወይ ከኣ ገለ መተሓሓዚ ዝኸውን ሓሳባት ኣቐዲሙ ንኹሉ ሰብ ክወሃብ ኣለዎ። 'ዩኒቨርሳል' ወይ ከኣ ዓለምለኻዊ ዋዛ ንክኸውን።

ነዚታት ምስ ረኣና፡ ቋንቋ ኣብ ሓሳባት'ውን ተራ ከም ዘለዎ ክንግንዘብ ንኽእል ኢና። ፈረንሰኛ ንኽትዛረብ፡ ቀድሚ ምዝራብካ ብቛንቋ ፈረንሰኛ ክትሓስብ ኣለካ። ኣብዚ ግን ቋንቋ ክበሃል ከሎ፡ ነቶም ፊደላትን ቃላትን ዝሓዘ ኣምር ጥራይ ዘይኮነስ፡ እቲ ንሱ ዝበቖለሉ፡ ዝጸልወሉ፡ ዝጽለወሉን ዝዝረበሉን ኣከባቢ የጠቓልል እዩ። ነዚ ኣከባቢ ኣብ ኣእምሮኻ ብዘቀላቐልካ ከኣ እቲ ዋሕዚ ዝሓሸ ይኸውን።

ሓደ ቋንቋ፡ ፊደላቱ፡ ቃላቱ፡ ምሉእ ሓሳባቱ፡ ውስጠዘታቱ፡ ምስላታቱ፡ ስርዓተ-ነጥቡ፡ ላህጃኡን ካልእን ተደማሚሩ ኣብቲ ዝዝረበሉ ኣከባቢ፡ ናቱ መንፈስ እዩ ዝፈጥር። ኣብቲ ዝገሸሉ ከኣ ኣምባሳደር ኮይኑ፡ ንኹሉ ባህልን ልምድን መዓልታዊ ንጥፈታትን ካልእን ናይቲ ወናኒኡ ሕብረተሰብ የንጸባርቕ። ማዕረ እቲ ዝተሰርሓሉ ከኣ ብግደኡ ይሰርሕ።

ኣብ ምብህሃል፡ ብሓደ ቋንቋ እትዛረቦም ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ብኻልእ ቋንቋ እትዛረቦም ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን እቲ ሓደ ብዙሕ እቲ ሓደ ኸኣ ውሑድ መልእኽቲ ከሕልፉ ተኽእሎ ኣሎ። እቲ ምንታይ ዋላ ንእሽቶ'ውን ትኹን ሓረግ ኣብ ኣጠቓቕማኣ ወሳኒት ስለ ዝኾነት።

ነዚ ዛዕባ ከልዕል ዝተገደድኩሉ ምኽንያት፡ ሓደ እዋን ኣብ ሓደ 'ዎርክ ሾፕ'፡ እስከ ሕጂ ረኣዩ በሉ፡ 'ዎርክ ሾፕ' ክብል ምስ ደለኹ ብትግርኛ እንታይ ክብሎ ኣለኒ ኢለ ኣለኹ። ኣብ ማህደረ ቃላት (dictionary) ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ንዕኡ ዝመስል መልሲ ረኺበ ኣለኹ - ወርሻ ወይ ዓውደ-መጽናዕቲ። እዚ ሕጂ ብትግርኛ ስለ ዝሓሰብኩ ጶ ኣይኮነን ዝተረኽበ። ኣብቲ ዓውደ-መጽናዕቲ ካብ ዝነበሩ ተሳተፍቲ ከኣ ዝኾነ ቋንቋ ክትዛረብ እንተ ደሊኻ በቲ ክትዛረበሉ ዝደለኻ ቋንቋ ክትሓስብ ይሓይሽ ዝብል ዛዕባ ኣልዒሎም ነይሮም። ኣነ'ውን ኣብዚ ዓምዲ ሸባብ ዋላ ጀሚረ እገድፎ እሞ መሊኦም ዝምልኡ ኣለዉ ኢለ። ከምኡ እናበልካ እዩ እቲ ሓደ ሕቶ እንተ'ለዎ እቲ ካልእ ከኣ መልሲ ሃሰው ይብል። ካብ መልሲ ከኣ ሕቶ ይወጽእ....።

ብኻልእ ወገን ከኣ፡ ኣብ ሓደ ቋንቋ ዘሎ ቃል ኣብ ካልእ ቋንቋ ትርጓሜኡ ኮለል ኢልካ ይሰኣን። ናይዚ ምኽንያት ከኣ ወይ እቲ ቋንቋ ገለ ነገር ጎዲልዎ ኣሎ ወይ ከኣ ኣብቲ ቦታ ቋንቋ እቲ ቃል ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕል ኣገዳስነት ኣይነበሮን ማለት'ዩ።

ኩሉ ኣብ እቲ ቋንቋ ዝዘውተረሉ ኣከባቢ ዘሎ ካልእ ነገራት ምስቲ ቋንቋ ሓደ ዓቢ ዝኾነ ምትእስሳር ኣለዎ ማለት እዩ። በዚ ኸኣ እዩ ሓደ ቋንቋ ንኽትዛረብ ብእኡ ጌርካ ክትሓስብ ዘድልየካ። በዚ ምኽንያት ከኣ እቲ ስእለ-ኣእምሮ ናይቲ ትዛረቦ ዘለኻ ዛዕባ ቀልጢፉ ክመጽኣካ ይኽእል እዩ።

ንኣብነት፡ ሓደ ምሉእ ናይ እንግሊዘኛ ሓረግ ክትዛረብ እንተ ኼንካ፡ ካልእ ኩሎም እቶም ነታ ሓረግ ዝቖሙ ፊደላትን ካልእን ብቛንቋ እንግሊዘኛ እንተ ተኣከቡ ጽቡቕ እዩ። እቲ ምንታይ ነፍሲወከፍ ቃል ኣብ ኣእምሮኻ ኣብ ተበግሰሉ እዋን፡ ኣብኡ ዝፍጠር ስእሊ ኣሎ። እዚ ስእሊ'ዚ ኸኣ ምስቲ ትዛረቦ ዘለኻ ፍረ ነገር ተኣሳሲሩ ይኸይድ። ብተወሳኺ ኸኣ ሓደ ምሉእ ሓሳብ ኣብ ትሰርሓሉ እዋን፡ ናይቲ ክትዛረቦ ደሊኻ ዘለኻ ቋንቋ ግሲ ይኹን ስርዓተ ነጥቢ ክማላእ ዘለዎ እዩ። እቲ ምንታይ እንግሊዘኛ እናተዛረብካ ናይ ትግርኛ ስርዓተ-ነጥቢ ኣይቅጀሉኻን እዮም።

ወዮ ደኣ እቲ ዓቕሚ ሓጺሩ እምበር፡ ካልእ'ውን ብዙሕ ዝበሃል ኣይምተሳእነን። ቋንቋ ኩሉ ነገር ናይቲ ተጠቃሚኡ እዩ። በዚ ኸኣ፡ በቲ ከባቢኡ ክትሓስብ የድልየካ። ኣብዚ ዛዕባ ገለ ትውስኹ ኣይትስኣኑን ግዲ...።

***

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

<u>ሲራክ ክፍለ</u>

<u>መበል 24 ክፋል</u>

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ 'ሕብረተሰባት ኣብ ቀጻሊ ምዕባለ' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ድማ ማሕበረሰብ እንታይ ማለት ምዃኑን ንማሕበረሰብ ዘቖሙ ደንቢታትን ክብርታትን ኣገባባትን ኣዝቢብና። ቀጺልና ብዛዕባ ማሕበራዊ ውዳበ ማሕበራዊ ውድባትን ትካላትን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዕበላ፡ ስልጣንን ምምዳብ ጸጋታትን፡ ብዛዕባ ውልቃውን ሓበራውን ደልየታት ኣብ ውሽጢ ሓደ ማሕበረሰብ ገሊጽና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ–*

***

ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ከም ዝጠቐስናዮ ናይ ምዕራብ ጸሓፍቲ ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ ውልቃዊ ድልየት/ትጽቢትን መሰልን እዮም ዝዛረቡ። 'ዝኾነ ወይ ዘይተማልአ መሰል ኣሎ።' ኣብ ዝብልዎ ግዜ ድማ ብዙሓት ናይቶም መሰል ዝኸደሎም ዝበሃሉ ክንደይ ምዃኑ ብዘየገድስ፡ ኣብ ገለ ኩነታት ከም ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ይገልጽዎ። ገምጋም፡ መደምደምታን እገዳን ምዕራባውያን ዝበዝሐ ግዜ ፖለቲካዊ ምዃኑ ኣየጠራጥርን። ከመይሲ፡ ገምጋሞም ኮነ ዘበጽሕዎ መደምደምታን ዝውሰንዎ እገዳን ንኹሉ ብማዕረ ዝርኢ ዘይኮነ፡ "ናትና እዩ" ኣብ ዝብልዎ ሰቅ ይመርጹ ወይ መመኽነይታ የናድዩ፡ "ኣይናትናን" ንዝብልዎ ድማ፡ ሃገራት ኣፕሪኖም ወይ ሃገራት ሰናኒያም ድላዮም ክፍጽሙ ስለዘህንደዱ። ዝደጋገም ሓሶት፡ ኣብ ገለ እዋናት ንገለ ግዜ ከደናግር ስለዝኽእል፡ ሃገራት ኣዕሚቑካን ኣስፊሕካን ምድህሳስ ኣገዳሲ እዩ።

### ድልየት/ትጽቢት ማሕበራዊ ቀጻሊታት

ብደረጃ ማሕበረሰብ (ሃገር) ብዛዕባ ድልየታት/ትጽቢት ምዝራብ እንተኾይኑ፡ እንተተኻኢሉ ብዛዕባ ድልየት/ትጽቢት መላእ ኣባል ማሕበረሰብ (ሃገር)፡ እንተዘይተኻኢሉ ድማ ብዛዕባ ናይ ዝበዝሑ ድልየት/ትጽቢት ምዝራብ ይምረጽ። ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ጽሑፍና ከምዝዘተኽናዮ ኣብ ከም ኤርትራ ዝኣመሰላ ሃገራት ኣፍሪቃ ካባቢ 75% ካብ ህዝበን ኣብ ሕርሻ ወይ መጓሰ እዩ ዝናበር። ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝናበር ድማ፡ ብዘይ ምግናኑ፡ መላእ ህይወቱ፡ ኣብቲ ማስሎው (ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ቀሪቡ ዝነበረ) መባኢታዊ ደረጃ ድልየት ዝበሎ ማለት "ንምንባር ኣገደስቲ ነገራት"፡ ኣብ ምምእራር እዩ ዝሕለፍ። እዚ መባኢታዊ ድልየት'ዚ ንኸማልእ ድማ፡ ወፈራ ዝኣትወሉ፡ ንብረቱ ዘይዝመተሉ፡ ህዱእ ኩነታት የድልዮ። በዚ ድማ፡ እቲ ማስሎው ካልኣይ ደረጃ ድልየት ዝበሎ "ድሕነት" ኣገዳሲ ድልየት ወይ ትጽቢት ናይ ህይወቱ ይኸውን። እዚ ማለት ግን ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝናበር ሰቡ፡ እቲ ናይ ማስሎው ካልእ ድልየታት/ትጽቢታት ኣይደልን ማለት ኣይኮነን። ከም ኩሉ ሰብ መባኢታዊ ድልየታቱ/ትጽቢታቱ ምስ ተማልአ ንላዕሊ ክጥምት ንቡር እዩ።

ብኣንጻሩ እቲ ላዕለዋይ ቀጻላ (ብቋንቋ ማርክሳውያን 'ደርቢ') ናይ ማሕበረሰብ ኑቲ መባኢታዊ ድልየታት ከም ወህቢ ይወስዶ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ መዓልታዊ ናብራኡ'ውን ከም ኣገዳሲ ነገር ኣይዝክሮን እዩ። ኑቲ ላዕለዋይ ቀጻላ ማሕበረሰብ ኣገደስቲ ድልየታት "ርእሰ ተኣማንነት" ወይ "ልዑል ክብርታት" ክኾውን ባህርያዊ እዩ። እንተዘከኣል ድማ፡ ንመላእ ኣባል ማሕበረሰብ (ሃገር) ናብቲ ዝለዓለ ደረጃ ድልየት ከተሰጋግሮ ክንደይ ጽቡቕ ምኾነ።

ኣብ ኤርትራ 5-10% ክፋል ህዝባና - ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝጎጥፍ - ንኹሉ ጠለብ መግቢ ህዝባና ኣፍርዩ ከማልእ እንተዝኽእል፡ ናይ ዝበዝሕ ክፋል ማሕበረሰብና (ህዝባና) "ንምንባር ኣገደስቲ ነገራት" ማለት መባኢታዊ ድልየታት ምተማልአ ነይሩ። ኣብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ኣፍሪቃ ግን ኣብ ከምኡ ዓይነት ደረጃ ምዕባለ ኣይተበጽሐን ዘሎ። እቲ ብማሕረስን መጓሰን ዝናበር ልዕሊ 75% ክፋል ሕብረተሰብ፡ ተፈጥሮን ፖለቲካን ብዘወልዶ ሽግራት ንነዛእ ርእሱ ዝኾውን እኹል ኣታዊታት እውን የብሉን። እዚ ኣብ ባይታ ዘሎ ወድዓዊ ኩነታት ድማ፡ ንሃገራት ኣፍሪቃ ምምላእ "ንምንባር ኣገደስቲ ነገራት" ቀዳማይ ናይ ቀዳምነታት ማሕበራዊ ሕቶ ይገብሮ። እንተዘይተማልአ ከኣ፡ ቀንዲ ጠንቂ ማሕበራዊ ግርጭት ይኸውን።

### ድልየት/ትጽቢት ማሕበረሰብን፡ ሓላፍነት መንግስትን

ውልቃዊ ድልየት/ትጽቢት ንምዝርኡ ኣወንዚፍና ብዛዕባ ማሕበራዊ ድልየት ክንድህስስ፡ ናይ መላእ ማሕበረሰብ ድልየት/ትጽቢት ናይ ምምላእ ሓላፍነት ዘለዎን ዝስከሞን መንግስቲ እዩ። ብመሰረት ድልየት/ትጽቢት ዝበዝሐ ህዝቢ ክረኣ እንከሎ ድማ እቶም ቀንዲ መንግስቲ ከማልኦም ዘለዎ ድልየታት/ትጽቢታት፡

1. ምርግጋጽ ልኡላውነት
2. ምምሕያሽ መነባብሮ ዜጋታት
3. ምርግጋጽ ጽቡቕ ማሕበራዊ ዝምድና. . . እዮም ክበሃል ይከኣል።

እዞም ዝበዝሐ ክፋል ማሕበረሰብ፡ መንግስቲ ከማልኦም ዝጽበዮም ድልየታት/ትጽቢታት ብሓደ ረፍዲ ክማልኡ እንተዝኽእሉ ጽቡቕ ነይሩ። ኩሉ ኣብ ሓጺር ግዜ ምምላእ ኣሸጋሪ እዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምምልኡ'ውን ኣይከኣልን እዩ። ካልእሲ ይትረፍ፡ "ምምሕያሽ መነባብሮ ዜጋታት" ዝበሃል መወዳእታ የብሉን። ኩሉ ኣብ ሓደ እዋን ክማላእ ዘይከኣል ስለዝኾነ ድማ መንግስታት ምስ ኩነታተንን መድረኸን ዝሰማማዕ ቀዳምነታት ክሰርዓ ንቡር እዩ።

ብዓብይኡ ከምዝረአ መንግስታት ከም ቀዳምነት ዝሰርዕኦ ምርግጋጽ ልኡላውነት ማለት ምርግጋጽ ግዳማውን ውሽጣውን ጸጥታ እዩ። ከመይሲ፡ ብዘይ ምርግጋጽ ልኡላውነት ከም ሓደ ማሕበረሰብ ኮይንካ ዝጸንሕ ነገር ስለ ዘየለ። ኤርትራ ወይ'ውን ጀርመን ከም ሃገር እንተዘየለዋ፡ ብዛዕባ "ምምሕያሽ መነባብሮ ዜጋታት" ይኹን "ምርግጋጽ ጽቡቕ ማሕበራዊ ዝምድና" ኤርትራውያን ወይ ጀርመናውያን ዝበሃል ነገር ክህሉ ስለዘይክእል።


ምዕራባውያን ጸሓፍቲ ክሳብ መወዳእታ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ ብዛዕባ ኣገዳስነት ልኡላውነት ይጽሕፉን ይምጉቱን ነይሮም። ኣብዚ ዘለናዮ እዋናት'ውን እንተኾነ፡ ገለ ግዝያዊ ሓደጋ ኪጋጥሞም እንከሎ "ሃገረይ"፡ "ህዝበይ" ይብሉ እዮም። ኣብዚ ዝሓለፈ 50-60 ዓመት ግን ኣገዳስነት ልኡላውነት 'ዝረስዕዎ' ይመስሉ። ኣብ ኣፍሪቃ፡ ብፍላይ ኣብ ኤርትራ ግን ልኡላውነት ቀዳምነት ናይ ቀዳምነታት እዩ። ብዙሕ መሪር ተመክሮ ስለዝሕለፍና። ከምዚ ናይ ኤውሮጳውያን፡ ብዛዕባ ልኡላውነት 'ዘይንሓስበሉ' ኩነታት ኣብ ባይታ እንተዝህሉ መን ምጸልአ! ክሳብ ሕጂ ግን ኣብ ከምኡ ዓይነት ኩነታት የለናን። ስለዚ ንኤርትራ ይኹን ንሃገራት ኣፍሪቃ ጉዳይ ልኡላውነት ቀዳማይ ናይ ቀዳሞት ድልየታት/ትጽቢታት እዩ። ርግጽ እዩ ንገለ ሃገራት ኣፍሪቃ ናይ ግዳም ተጻብኦታት ዘየሰክፈን ክኾውን ይኽእል እዩ፡ ውሽጣዊ ጸጥታ ግን ንኹለን ሃገራት ኣፍሪቃ ናይ ቀዳምነት ቀዳማይ ድልየት/ትጽቢትን ህዝቢ እዩ።

ልኡላውነት ትርገም ዝሀልዎ ግን፡ እቶም ካልኦት ድልየታት/ትጽቢታት ማለት "ምምሕያሽ መነባብሮ ዜጋታት" ን "ምርግጋጽ ጽቡቕ ማሕበራዊ ዝምድና"ን ንምምላእ ምስ ዝሕግዝ ጥራይ እዩ።

ጉዳይ ልኡላውነት ከም ወህቢ ወይ ከም ዝተረጋገጸ ዕላማ እንተ ተወሲዱ፡ ምምሕያሽ መነባብሮን ምርግጋጽ ጽቡቕ ማሕበራዊ ዝምድናን ቀንዲ ድልየት/ትጽቢት ህዝቢ ኮይኑ ዝለዓለ ተልእኾ መንግስቲ ይኸውን። ቀሊል ተልእኾ ግን ኣይኮነን። ከመይሲ፡ ምምሕያሽ መነባብሮ ናይ መን? ጽቡቕ ማሕበራዊ ዝምድና ኣብ መንን መን? ዝብል ቀሊል መልሲ ስለዘይብሉ። "ማሕበራዊ ፍትሒ" ዝበሃል ኣምር ድማ ዚ በዓሊ ሕቶ'ዚ ንምምላስ ዝለዓል ስነ-ሓሳብ እዩ።

ንማሕበራዊ ፍትሒ ኣገዳሲ ዝገብሮ፡ መን እዩ እቲ "ማሕበረሰብ" ዝብል ሕቶ እዩ። ንኣብነት፡ ቀዋም ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነዳፍም ዝጽደቑ "ኣቦታት ኣመሪካ" ዝበሃሉ፡ ን3-5% ካብ ብዙሒ ህዝቢ ኣመሪካ - ሰብ ንብረት፡ ጻዕዱ፡ ሰብኡት - ጥራይ እዮም ከም "ማሕበረሰብ" ዝቖጸርዎም ነይሮም። ፋሽሽታውያን "ማሕበረሰብ" ዝብልዎ ብ"ሕብሪ ዓይኒ" ወይ ተምሳሉ "ደም" እዮም ዝገልጽዎ። ማርክስ እንተኾነ'ውን "ማሕበረሰብ" ዝብሎም ንሸቃሎ እዩ። ካብዚን ከምዚ ዝኣመሰለ ካልእ ኣተሓሳስባን ክውጻእ እንተኾይኑ ግን "ማሕበረሰብ" ዝበሃል ኣምር መላእ ህዝቢ ሓንቲ ሃገር ዘጠቓልል ክኸውን ኣለዎ። እንተኾነ ንመላእ ህዝቢ ዘጠቓልል "ማሕበረሰብ"፡ ብዛዕባ ድልየትን/ትጽቢትን ቡዱህቲ ሕቶታት ክገጥምዎ ባህርያዊ እዩ። እዚ ብድህሪ'ዚ ንምፍታሕ ድማ፡ ሃገር ዘመሓድር መንግስቲ፡ ናይ ኩሉ ወይ ዝበዝሐ ህዝቢ መባኢታዊ ድልየታት/ትጽቢታት ዘማልእን ንላዕለዎት ድልየታት/ትጽቢታት ዘተባብዕን ሚዛናዊ ፖሊሲ ክኽተል የድልዮ። ጽቡቕ ድልየትን ተግባርን ጠቢዮም ስለዘኾኑ ናይ ድልየት/ትጽቢት ግርጭታት ክለዓሉ ባህርያዊ እዩ።






ይቕጽል . . .

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## POSITION DESCRIPTION

| | |
|---|---|
| **Position:** | **FEL Loader Operator** |
| **Number required** | **2** |
| **Salary** | As per the Company salary scale |
| **Reporting to:** | Process Plant Supervisor |
| **Primary Responsibility & Scope of Work** | A heavy equipment operator operates a wheel loader to load and transport material such as equipment, dirt, rocks, gravel, sand, demolition debris, and any housekeeping job. The loader operator is responsible for ensuring the safe and efficient operation of the equipment. |
| **Duties:** | - The Loader Operator must demonstrate a complete and adequate prestart of the machine.<br>- Safe, effective operation on the Loaders, both wheel and track mounted in all work areas. Including process plant dry stack power generator and sherit borehole<br>- Inspect the machine before and after use to ensure it operates well.<br>- Effectively manage loading cycle interactions with trucks and other mobile equipment.<br>- Communicate with coworkers and supervisors to ensure efficient and safe operations<br>- Identification and Hazard awareness (Spot the issues) are critical to a high-safety culture, and safety guidelines must always be followed.<br>- Follow Standard operating procedures.<br>- The Prestart sheet should be completed correctly, and any issues or needed repairs should to the supervisor.<br>- Complete all tasks in a safe, productive, and timely manner.<br>- Promote safety to staff within the operation.<br>- Abide by all ZMSC safety policies and ensure employees comply with safety procedures.<br>- Attend safety training as required.<br>- Display flexibility in working hours to assist other team members and the department's efficiency.<br>- Other duties as directed. |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | - Mine training, equipment operation, reading and writing Tigrigna, and understanding basic English as a secondary language are required.<br>- School certificate.<br>- • Valid operator's license and certification to operate loaders is preferable. |
| **Working Experience – Nature & Length** | • Minimum of 1 year of experience operating FEL (front-end loader). |
| **Other skills and abilities** | knowledge of heavy machinery operation and maintenance.<br>• Excellent hand-eye coordination and physical stamina.<br>• Ability to work independently and as part of a team.<br>• Strong commitment to safety and attention to detail.<br>• Experience operating other heavy-duty machines.<br>• License Requirement: Valid Eritrean above Grade three driving license. |
| **Additional Requirements** | - Having fulfilled their National Service obligation and provided evidence for the release paper from the Ministry of Defence<br>- Present clearance papers from current/past employees<br>- Testimonial documents (CV, work, experience, credentials, and a copy of National Identity Card) are needed.<br>- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.<br>- All applications should be sent through the post office |
| **Salary** | As per the Company Salary Scale |
| **Address** | Please mail your applications to: Zara Mining Share Company P. O. Box 2393. Asmara, |

Note to Eritrean applicants: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.

and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

Deadline for application: 7 days from the day of announcement.

# ስፖርት


ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

# ኤርትራ ኣንጸባሪቓ

## ቤትኤል፡ ሱዛንን ኬሸንን ዝቐልጠፉ...

ኣብ ኬንያ ኣብ ዝቶየድ ዘሎ ሻምፕዮን ቅድደም ብሽክለታ ኣፍሪቃ 2024 እትሳተፍ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ትማሊ ኣብ ዝተሳለለ ናይ ዝተፈላለዩ ምድባት ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር (ክሮኖሜትር)፡ ኣርባዕተ ተቐዳደምቲ ሰለስተ መዳልያ ብምምጻእ፣ ብፃብኡ ኣብ ክልተኡ ሻምፕዮን (ብመገዲ ቤትኤልን ሱዛንን) ብምዃን፡ ኣብዚ ውድድር (ክሮኖሜትር) ሃሰሱ ዝጸንሐ ዓቕሚ ኤርትራ ከኹልዓ ክኢለን ኣለዋ።


ቤትኤል፡ ድሕሪ 2018 ቀዳመይቲ ኤርትራዊት ሻምፕዮን ክሮኖሜትር ኣፍሪቃ ናይ ማእከሎት ኮይና


ቀዳማይን ሳልሳይን ዝወጽኡ ኬሸንን ናሆምን

ሓሙሽተ መዳልያታት ብምንጥልጣል ኣንጸባሪቓ።

ኣብዚ ኣብ 'ኢልዶረት' ዝተባህለት ከተማ ዝተኻየደ ናይ ክሮኖሜትር ውድድር፡ ፈለማ ማእከሎት (ጅግናር ዕድመ 17ን 18ን) ደቂ ኣንስትዮ እየን ተወዳዲረን። ኣብዛ ሓንቲ ዙርያ 11.2 ኪሎ ሜተር ዝሸፈነት ውድድር፡ ኤርትራ ንቤትኤል ኤፍሬምን ሚዛን ሃብተስላሴን ኣሰሊፋ።

ቤትኤል፡ ኣብ ሰዓት ብማእማእ 40.3 ኪሎሜተር እናተጓዓዘት፡ ብ16 ደቒቕን 40 ካልኢትን ኣብ ቀዳማይ ኣህጉራዊ ሱታፌኣ ዕውትቲ ወርቂ መዳልያ ኮይና። ሸሞንተ ናይ ዩሲኣይ ነጥቢ'ውን ረኺባ። ቤትኤል፡ ድሕሪ 2018 ንፋልማይ ግዜ ሻምፕዮን ናይዚ ካታጎሪ ዝኾነት ኤርትራዊት እያ። ኣብ 2018 ኣብ ሩዋንዳ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ደሴት ኪዳን እያ ተዓዊታ ነይራ።

ኣብዛ ናይ ትማሊ ውድድር፡ 27ን 25ን ካልኢታት ድሒረን ግብጻዊት ኣላሊያን ዳርዊሽሕን ኢትዮጵያዊት ጸገ ካሕሳይን ካልኣይን ሳልሳይን ተሰሪዐን። ሚዛን ግና፡ 10 ደቒቕ ድሒራ መበል 11 ደረጃ ሒዛ።

ማእከሎት ደቂ ተባዕትዮ፡ ክልተ ዙርያ 22.5 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈኑሉ ውድድር፡ ኤርትራ፡ ንናሆም ኤፍሬምን ኬሸን ተኽለማርያምን ኣሳቲፋ። ኬሸን፡ ኣብ ሰዓት ብማእማእ 46.9 ኪሎሜተር እናተሓንበበ ንደቡብ ኣፍሪቃዊ ኣሌክሳንደር ኢራስሙስ ብሸዱሸተ ካልኢት በሊጹ ዝቐልጠፈ ተቐዳዳማይ ኣፍሪቃ 2024 ናይዚ ካታጎሪ ኮይኑ። ወዲ ጋንታኡ ናሆም ከኣ፡ 26 ካልኢት ድሒሩ ተሸላሚ ነሓስ መዳልያ ኮይኑ። ኬሸን፡ ኣብ 2022 ኣኽሊሉ ኣረፋይነ ኣብዚ ውድድር ድሕሪ ምዕዋቱ፡ ዳግማይ ክብሪ ኤርትራ ዝመለሰ ተቐዳዳማይ ኮይኑ ኣሎ።


ትሕቲ 23 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ'ውን፡ ተመሳሳሊ 22.5 ኪሎሜተር እየን ሸፊነን። ሱዛና ፍስሃየን ኣድያም ዳዊትን ከኣ ኣብ መንጎአን ከፉት ከይገደፋ ተመራሪሐን ንኤርትራ ወርቅን ብሩርን ኣምጺኣናላ። ተቐዳደምቲ ጋንታ ደቡብ ዝኾነት ሱዛን፡ ኣብ ሰዓት ብማእማእ 41.4 ኪሎሜተር እናረገጸት ንዝተመደበለን ርሕቀት - ብ32 ደቒቕን 37 ካልኢትን ተዓዊታትሉ። ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ብውልቃ ናይ ፈለማ ወርቂ መዳልያ ከተምጽእ ዝኸኣለት እዛ መንእሰይ፡ ኣብ ምዝዛም እዛ ወቕቲ 50 ናይ ዩሲኣይ ነጥቢ ረኺባ።

ናይ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ዝቐልጠፈት ተቐዳዳሚት ኤርትራ ክትከውን ዝኸኣለት ኣብል ክሉብ ደንደን ኣድያም፡ 26 ካልኢት ድሒራ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ፣ 30 ናይ ዩሲኣይ ነጥቢ ድማ ረኺባ። ኢትዮጵያዊት ምዕራፍ ገብረእግዚኣብሄር ድማ፡ 1 ደቒቕን 27 ካልኢትን ድሒራ ሳልሳይቲ ተሰሪዓ።

ደቂ ተባዕትዮ ትሕቲ 23 ዓመት፡ ሰለስተ ዙርያ እያም ኮሊሉም፡ማለት 33.8 ኪሎሜተር ተጓዒዞም። ኡጋንዳውያን ተቐዳደምቲ ጸብለል ኣብ ዝበልሉ ውድድር፡ ፓውል ሉሙሪያን ብ42 ደቒቕን 40 ካልኢትን ንወዲ ሃገሩ ላውረንስ ሉሮት ብንእስ ካልኢታት በሊጹ ተዓዊቱ። ደቡብ ኣፍሪቃዊ ኢታን ጆሸዋ 19 ካልኢት ተፈንቲቱ ሳልሳይ ክኣቱ እንከሎ፡ ኤርትራዊ ሄብሮን ብርሃ ከኣ፡ 28 ካልኢት ድሒሩ ራብዓይ ተሰሪዑ።

ዓበይቲ (ኢሊት) ደቂ ተባዕትዮ'ውን ከም ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ተመሳሳሊ ርሕቀት እዮም ሸፊኖም። ኣብ 2017 ዝቐልጠፈ ተቐዳዳማይ ኣፍሪቃ ተባሂሉ ዝነበረ ሜሮን ተሾመ ከኣ ንኤርትራ ዝወከለ ነይሩ። እዚ ተቐዳዳማይ፡ ካብ ዕውት 3 ደቒቕን 57 ካልኢትን ድሒሩ ሻውዓይ ደረጃ ሒዙ። ኣብዚ ውድድር፡ ኡጋንዳዊ ቻርለስ ካጊሙ ብ41 ደቒቕን 11 ካልኢትን ክዕወት እንከሎ፡ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ብራንደን ዶውኣሰን ሞሮኮዊ ዓድል ኢል ኣርኢን ድማ፡ ተሸለምቲ ብሩርን ነሓስን መዳልያ ኮይኖም።

በዚ መሰረት፡ ብዘይካ ኣብ ዓበይቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ዝተረፉ ሓሙሽተ ውድድራት ዝተሳተፈት ኤርትራ፡ ሰለስተ ወርቂ፡ ሓሓንቲ ከኣ ብሩርን ነሓስን ብድምር ሓሙሽተ መዳልያታት ኣንጠልጢላ። ብፍላይ ብደቂ ኣንስትዮ፡ ብዘይካ ሚዛን ሃብተስላሴ እተን ዝተረፉ ሰለስተ ተቐዳደምቲ ቤቲኤል ኤፍሬምን ሱዛን ፍስሃየን ወርቂ፡ ኣድያም ዳዊት ከኣ ብሩር መዳልያ ብምምጻእ ኣብ ዓወት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ልዑል እጃም ኣበርኪተን።


ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ምስ ዕዉታት ሱዛንን ኣድያምን

### ታሪኽ ኤርትራን ሻምፕዮን ኣፍሪቃን

ኤርትራ፡ ኣብ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር ብደቂ ተባዕትዮ ጸቡቕ ታሪኽ ኣለዋ - ዋላ'ኳ ኣብዞን ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት ቀዳማይ ደረጃ ክትሕዝ ኣይተኻእላ። ኣርባዕተ ግዜ ብኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት፡ ሓንሳብ ሜሮን ተሾመን መኽሱብ ደብሳይን ብድምር ሸዱሽተ ግዜ ሻምፕዮን ኣቢላ። ድሕሪ ትሸዓተ ግዜ ዝተዓወተት ደቡብ ኣፍሪቃ ድማ ትስዕብ። ብሓፈሻ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ኩሉ ምድባት/ካታጎሪታት ዝምስገን ዓወታት ኣለዋ ክበሃል ይከኣል።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ብመንጽሩ፡ ሞኒና ደብሳይ ኣብ 2018 ኣብ ናይ ዓበይቲ፡ ደሴት ኪዳን ከኣ ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት ኣብ ናይ ማእከሎት ውድድር ዝቐልጠፋ ተቐዳደምቲ ተባሂለን ፋልማይ ታሪኽ ሰሪሐን ነይረን። ኣብዚ ዝሓለፈን ቅድሚኡን ዝነበረ ዓመታት ከኣ፡ ቀዳመይቲ ዝወጸት ኣይነበረትን - ዋላ'ኳ ብሩርን ነሓስን እንተዘይተሳእና።

ሎሚ ዓመት ግና፡ ካብተን ዝተሳተፋ ኣኸንዕ!

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ኣብዚ 23 ሃገራት ይሳተፋኦ ዘሎ ዝዓበየ ውድድር ሻምፒዮን ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ ሞራልን ሓይሊን ብዘበርኽ ዓወት ነቒላ ኣላ። ምስ ደቡብ ኣፍሪቃን ኡጋንዳን ዝኣመሰሉ ተወዳደርቲ ሃገራት እናተቓለሰት ከኣ፡ ኣብዘን ዝስዕባ መዓልታት ተወሳኺ መዳልያታት ከተምጽእ ንትሰፎ። እዚ ውድድር፡ ሎሚ መዓልቲ ናይ 'ሕውስዋስ ምቅብባል' ውድድር ክካየድ እዩ። ኣብዚ ዓይነት ውድድር'ዚ፡ ሓንቲ ሃገር ሰለስተ ደቂ ኣንስትዮ ሰለስተ ደቂ ተባዕትዮ እያ ከተሰልፍ። ልክዕ ከምዚ ናይ ጉያ ምቅብባል ፈለማ ደቂ ተባዕትዮ ተበጊሶም ንደቂ ኣንስትዮ ዘቐብልዎን እዩ። ጸቡቕ ዕድል ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ!


ቤትኤል

## መደብ ጸወታ

ሎሚ

ኔሽንስ ሊግ

እንግሊዝ - ግሪኽ 9:45 ምሸት

እስራኤል - ፈረንሳ 9:45 ምሸት

ኢጣልያ - ቤልጃዩም 9:45 ምሸት

ኖርወይ - ስሎቬንያ 9:45 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## እስራኤል፡ ሊባኖሳውያን ካብ ሰፈሕ ከባቢታት ክግዕዙ ኣዚዛ

ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ዝርከቡ ዜጋታት'ታ ሃገር ካብ ኣብይቶም ክግዕዙ ኣዚዙ።

እቲ ሚኒስትሪ፡ ኣብቲ ዞባ ሓይሊ ዒላማታት ሕዝቦላህ ንምውቃዕ መደብ ከምዘለዎ ብምግላጽ እዩ ነቲ ትእዛዝ ንሊባኖሳውያን ኣመሓላሊፉ ዘሎ።

ብመሰረት'ዚ ሓዲሽ ትእዛዝ፡ ሓደ ርብዒ ካብ ህዝቢ ሊባኖስ ክመዛበል ተኻእሎ ከምዘሎ'ዩ ዝጥቀስ።

ብሰንኪ ኩናት ሕዝቡላህ ኣብ ሰፈሕ ከባቢታት ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ዝርከቡ ነበርቲ ሂወቶም ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ከምዘሎ ዝሓበረ እቲ ሚኒስትሪ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ካብቲ ከባቢ ክግዕዙ የጠንቀቐ ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻብት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ እስራኤል ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ተቐሚጦ ልዕሊ 100 ዓድታት ሊባኖሳውያን ካብ ኣብይቶም ክግዕዙ ኣዚዛ ኣላ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ምንቅስቓስ ሕዝቡላህ ናብ ሰሜናዊ ክፋል እስራኤል ሮኬታት ከምዝወንጨፈ ገሊጹ። እቲ ዕጡቕ ሊባኖሳዊ ጉጅለ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ናብ ሊባኖስ ዝሰገረ ዘሎ ኢጋር ሰራዊት እስራኤል ሓያሎ ጉድኣት የስዕብ ምህላዉ ሓቢሩ።

እስራኤል ብወገና፡ ኣብቲ ኣብ ወሰን



ሊባኖስ ዝካየድ ዘሎ ኩናት፡ ገለ ወተሃደራታ ከምእተቐትሉዋን ከምዝቆሰሉዋን እያ ትገልጽ።

ብኻልእ ወገን ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ፡ ኣብ ሊባኖስ ኣብ መንጎ ዕጡቓት ሕዝቡላህን ሓይልታት እስራኤልን ዝካየድ ዘሎ ኩናት ኣብ ዝቕጽለሉ ዘሎ እዋን፡ "ሊባኖስ ከም ናይ ቓዛ ዕጫ ክገጥማ እዩ" ክብል ኣጠንቂቑ።

እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ሓያል ኩናት ካብ እትኸፍት ጀሚራ፡ ዛጊት ልዕሊ 1.2 ሚልዮን ሊባኖሳውያን ተመዛቢሎም ከምዘለዉ ጸብጻብት የመልክቱ።

## ብራዚል፡ ኣብ ልዕሊ 'ኤክስ' ዘጽንዐቶ እገዳ ሰሪዛ

ብራዚል፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ብ'ትዊተር' ዝፍለጥ ዝነበረ መርበብ ሓበሬታ 'ኤክስ' ኣጽኒዓቶ ዝጸንሐት እገዳ ከምዝልዓለቶ ኣፍሊጣ።

ወናኒ ናይቲ መርበብ ሓበሬታ ዝኾነ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ኤሎን ማስክ፡ ብመንግስቲ ብራዚል ንዝተበየኑ ናይ 5 ሚልዮን ዶላር መቕጻዕቲ ድሕሪ ምኽፋሉ፡ ግጉይ ሓበሬታ ክህቡ ንዝጸንሑ ሕሳባት ደማ ድሕሪ ምዕጻዉ እዩ እቲ መርበብ ዳግማይ ስርሑ ክቕጽል ተፈቒዱሉ።

ትእዛዝ ከተግብር ፍቓደኛ ብዘይምንባሩ፡ እቲ መርበብ ሓበሬታ ኣብታ ሃገር ተኣጊዱ ምጽንሑ ይፍለጥ።

ኤሎን፡ ብቤት-ፍርዲ ብራዚል ንዝተዋህቦ ትእዛዝ ድሕሪ ምትግባሩ፡ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ኣብ ብራዚል ልዕሊ 20 ሚልዮን ዓማዊል ናይ'ቲ መርበብ ሓበሬታ ዳግማይ ክጥቀምሉ ከምዝጀመሩ ይሕበር ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻብት፡ ብራዚል፡ ብደረጃ ዓለም ሓንቲ ካብ'ተን ዝበዝሑ ተጠቀምቲ መርበብ ሓበሬታ 'ኤክስ' ዘለወን ቀዳሞት ሃገራት ኮይና፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣስታት 22 ሚልዮን ተጠቀምቲ ናይቲ መርበብ ሓበሬታ ኣለዉዋ።



ኤሎን ማስክ ብዛዕባ'ቲ ኣብ 2022 ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ብራዚል ግጉይ ሓበሬታ ዝመሓላለፉ ሕሳባት ክዕጸዉ ብላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ እታ ሃገር ንዝቐረበሉ

## ኩባ ኣባል 'ብሪክስ' ንምዃን ትሓትት

ኩባ፡ ናብ ኣህጉራዊ ቁጠባዊ ውድብ 'ብሪክስ' ንምጽንባር ወግዓዊ ሕቶ ከምዘቕረበት፡ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣቃሊሐን።

ብመሰረት እተን ማዕከናት ዜና፡ ኩባ ኣባል ብሪክስ ንምዃን ናብቲ ኣብዚ ዓመት ከም ፕረዚደንት እቲ ውድብ ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ - መራሒ ፌደረሽን ሩስያ ቪላዲሚር ፑቲን እያ ወግዓዊ ሕቶ ኣቕሪባ ዘላ።

ኣብ ዝሓለፈ መወዳእታ ወርሒ መስከረም፡ ኩባ ኣባል ቁጠባዊ ውድብ ብሪክስ ክትከውን ፌደረሽን ሩስያ ዕድመ ኣቕሪባትላ ከምዝነበረ ኣምባሳደር ሩስያ ኣብ ኩባ ሓቢሩ ነይሩ።

በዚ ከኣ፡ ኣብቲ ኣብ መወዳእታ ናይዛ ወርሒ እዚኣ ኣብ ካዛን - ሩስያ ዝካየድ ዋዕላ ኣባላት ሃገራት ቁጠባዊ ውድብ 'ብሪክስ'፡ ኩባ ልኡኽ ክትሰድድ ትጽበት ከምዘለዋ እቲ ኣምባሳደር ገሊጹ።

ንብራዚል፡ ፌደረሽን ሩስያ፡ ህንድን ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ሓቍፉ ኣብ 2009 ብወግዒ ዝተመስረተ ቁጠባዊ ውድብ ብሪክስ፡ ኣብ 2011 ንደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ፈለማ 2024 ድማ ንኢራን፡ ግብጺ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኢትዮጵያን ከምዝጸንበረ ዝዝከር እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም፡ ወከልቲ ምክትታል ድሕነት ቁጠባዊ ውድብ ብሪክስ ኣብ ከተማ ሴንት ፔተርስበርግ - ሩስያ ኣብ ዘካየድዎ ርክብ፡ 34 ዝኣኽላ ሃገራት ኣባል እቲ ውድብ ንምዃን ሕቶ ኣቕሪበን ከምዘለዋ ፕረዚደንት ፑቲን ገሊጹሉ ምንባሩ ይሕበር።

ብመሰረት ጸብጻብት፡ ኣባላት ቁጠባዊ ውድብ ብሪክስ ንኣስታት 41.13 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ዓለም ይውክላ፡ እዚ ብቑጽሪ ክርአ እንከሎ ድማ፡ እተን ሃገራት ብድምር ልዕሊ 3.5 ቢልዮን ህዝቢ ይሓቝፋ።




## ሰ/ኮርያ ምስ ደ/ኮርያ ዘራኽባ መስመራት ትዓጹ

ሰሜን ኮርያ፡ ነቲ ኣገልግሎት ክህብ ዝጸንሐ - ምስ ደቡብኮርያ ዘራኽብ ጽርግያታትን መንገዲ ባቡርን ካብ ትማሊ ረቡዕ ኣትሒዛ ከምዝዓጸወቶ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል እታ ሃገር ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስትሪ ትማሊ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እቲ መንገዲታት ንሓዋሩ ክዕጾ ከምእተወሰነ ድሕሪ ምጥቃስ፡ እቲ ዕላማ ክልተን ኮርያታት ምሉእ ብምሉእ ንምፍልላይ ምዃኑ ኣነጺሩ።

ሰሜንኮርያ ነቲ ንምክልኻል ነቲ ስጉምቲ ከምዝወሰደት ዝሓበረ እቲ ሚኒስትሪ፡ እቲ ስጉምቲ መልሰ-ግብሪ ናይቲ ኣብ ደቡብ ኮርያ ዝካየድ ዘሎ ብኣመሪካ ዝምራሕ ወተሃደራዊ ልምምድን ህላወ ኣመሪካ ኣብቲ ዞባን ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ዝምድና ክልተአን ኮርያታት ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ኣንቆልቂሉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሃገሩን ሰሜንኮርያን ኣብ 2018 ዝተኸተመ ወተሃደራዊ ስምምዕ ዝሓለፈ ወርሒ ሰኔ ከምዝሰረዞ ዝዝከር እዩ።

ብተወሳኺ፡ ሰሜንኮርያ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ ኣትሒዛ ናብ ደቡብኮርያ ዝለኣኸቶም ልዕሊ 15 ቶን ዝምዘን ጕሓፍ ዝመልኡ ፓላንቺናታት እውን ንምትፍናን ክልተአን ሃገራት መሊሱ ከምዝኸረረ እዩ ዝግለጽ።





## ፍሎሪዳ - ሚልዮናት ነበርቲ ክግዕዙ ተሓቢሮም

ኣብ ክፍለ-ሃገር ፍሎሪዳ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተኸሲቱ ብሰንኪ ዘሎ ከቢድ ሰንገኣት ህቦብላዊ ዝናብ፡ ልዕሊ 5.5 ሚልዮን ነበርቲ ካብ ኣብይቶም ክግዕዙ ሓበሬታ ከምእተመሓላለፈ ተገሊጹ።

እቲ 'ሚልተን' ዝተሰምየ ብርቱዕ ህቦብላዊ ዝናብ፡ ኣብ ሰዓት 270 ኪ.ሜ እናተጓዕዘ ሎሚ ንግሆ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም እታ ክፍለ-ሃገር ክበጽሕ ከምዝኽእል እዮም ክኢላታት ሜትሮሎጂ እታ ሃገር ዘጠንቀቑ ዘለዉ።

እቲ ህቦብላዊ ዝናብ ኣብ ታሪኽ እታ ክፍለ-ሃገር እቲ ዝዓበየ ዕንወት ከውርድ ዝኽእል ባሕርያዊ ሓደጋ ምዃኑ ግምታቶም ዝሃቡ እቶም ክኢላታት፡ ነበርቲ ነቲ ትእዛዝ ዕሽሽ ኢሎም ኣብ ኣብይቶም ምስ ዝጸንሑ ናይ ሞት ሓደጋ ኪጋጥሞም ከምዝኽእል ኣገንዚቦም።

በዚ ከኣ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ነበርቲ ናይታ ክፍለ-ሃገር፡ ካብቲ ዘንጸላልዎም ዘሎ ከቢድ ባሕርያዊ ሓደጋ ንምምላጥ፡ ብዝሽከርከርቲ ናብ ውሑስ ዝበሉዎ



ከባቢታት ኣመሪካ የምርሑ ከምዘለዉ፡ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር የመልክታ።

ብሰንኪ ጸዕቂ ተሽከርከርቲ ድማ፡ ኣብታ ክፍለ-ሃገር ዝርከብ ልዕሊ 8 ሽሕ ነቑጣታት መዐደሊ ነዳዲ ብዘይ ቀረብ ነዳዲ ከምዝተረፉ ተፈሊጡ ኣሎ።

ህቦብላዊ ዝናብ 'ሚልተን'፡ ክልተ ሰሙን ድሕሪ'ቲ ኣብ ክፍላተ-ሃገር ፍሎሪዳ፡ ጆርጅያ፡ ሰሜን ካሮላይና፡ ደቡብ ካሮላይና፡ ተነሲን ቨርጂንያን ዝተኸሰተ ሂወት ልዕሊ 225 ሰባት ዝቐዘፈ ህቦብላዊ ዝናብ 'ሄለን' እዩ ዝኸሰት ዘሎ።

ብተወሳኺ፡ ኣብታ ክፍለ-ሃገር ዝርከቡ ልዕሊ 4,600 ናይ ሕጊ እሱራት'ውን ናብ ውሑስ ቦታ ከምዝግዓዙ ክፍሊ ተሃድሶ ኣመሪካ ሓቢሩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም | 10/10/24 | ጎደና ሰላም ቁ.ገዛ 47 | 122350 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565